# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሕጂኸ ናበይ?

ቅድሚ እቲ ካብ 15-24 መስከረም 2005 እተኻየደ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሕጂኸ ናበይ ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ተሰሚዖም ኢዮም። ነዚ ሕቶታትዚ ክለዓለ ዝደረኹ ምኽንያታት ብዙሓት እኳ ክኾኑ ዝኽእሉ እንተኾኑ፤ እቲ መሰረታዊ ግን፡ ኣብ ገለ ኣባላት ውድባት ኪዳን እተፈጥሩ ፍልልያትን ምስሕሓባትን ኢዩ ነይሩ። እዚ ፍልልያትዚ ክውገን ይኽእል ዶኾን ወይስ ንኪዳን ዝፈናጭል ተረኽቦ ክኸውን ኢዩ ዝብል ሕቶታትን ሻቕሎትን ኣብ ኣእሙሮ ብዙሓት ክልዓል ገይሩ ኢዩ። ገለገለ ውን፡ ንኪዳን ካብ ዘለዎም መሰረት ዘይብሉ ተጻብኦታት፡ ድሌቶም ኣይሰመረሎምን ደኣምበር፡ ክፈናጨል ዝምነዩን፡ ካብኡ ሓሊፎም ኘኽፈናጭልዎን ካብ ህዝቢ ኘኽንጽልዎን ኣበርቲዖም ዝተንቀሳቐሱ ምንባሮምን ኩሉ ዝፈልጦን ክከታተሎን ዝጸንሐ ጕዳይ ኢዩ። እቲ ዘገርም ከኣ፡ ቅድም ክብሉ ስለምንታይ ሓድነት ዘይተገብረ እናበሉ ዝነቕፉን፥ ንሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ንድፍግ ኢና ዝብሉን፤ ነዚ ዘይደገፈ ብእተፈላለየ ኣስማት ዝጽውዑን ኣካላት ምንባሮም ኢዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት ኪዳን እተፈጥረ ዘይምርድዳእን ምፍንጫላትን ብግቡእን ብምሉእ ድምጽን ምርድዳእን ክውግኖ ምኽኣሉ እምበኣር፡ መርኣያ ናይ ብቕዓቱን ሓድነቱን ኢዩ። በዚ ድማ፡ ነቲ ሕጂኸ ናበይ ዝብል ሕቶ፡ ሕጂስ ንቕድሚት ድኣ ንሰጕም ክብል ብተግባር መሊስዎ። ዝሓለፈ ተመኩሮ ይኣኽለና ካብ ዝብል ዕግበት ንድሕሪት ክምለስን፥ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ክነብርን ኣይመረጸን። ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት እተፈጥረ ምፍልላያት ክምዝምዞን ንረብሓ ናይ ውልቀ ውድባቱ ከውዕሎ ውን ኣይፈተነን። ነቶም ብግዝያውነት ዘንጠልጠሎም ውድባት፡ ካብ ሕጋዊ መበገሲታት ጥራሕ ብምንቃል ብመሰረት ቅዋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክማልኡ ዘለዎም ናይ ኣባልነት ረቛሕትታት ኣማሊኦም ናብ ኪዳን ክምለሱ ኢዩ ጠሊብዎም። ግዲኦምን ኣብ ደምበ ተቓውሞን፡ ይውሓድ ይብዛሕ ብዘየገድስ ደገፍትን ሰዓብትን ምውናኖምን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናብ ኪዳን ክምለስሉ ዝኽእሉ ሰፊሕ ባብ ኢዩ ከፊቱሎም። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዚ ክገብር ዝመረጸ፡ ኣብቲ ናይ ካልእ ርእይቶ ምኽባርን ምጽውዋርን ዝብል መትከሉ ረጊጹ ኢዩ።

በዚ ልቦናዚ እተሰናበዱ ሸነኻት፡ ናብ ኪዳን ኣይትመለሱ፡ ንሕና ኣሎናልኩም ብምባል ነቲ ጋግ ንምግፋሕ ኣበርቲዖም ክንቀሳቐሱ ተራእዮም ኢዮም። እዚ ግን ከንቱ ድኻምን ዘይረጋገጽ ሕልምን ምዃኑ ንሓንቲ ህሞት ውን ኣይንጠራጠርን ኢና። ምኽንያቱ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቲ ናይ ምስረታ መድረኽ ብዓወት ዛዚሙ፡ ብኽልተ እግሩ ረጊጹ፡ ናይ መጻኢ ዕላማታቱ ንምርግጋጽ ብናህሪ

ክንቀሳቐሰሉ ናብ ዝኽእል ደረጃ ሰጊሩ ስለዘሎ ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ይኹን ብግዝያዊት መሪሕነት ዝምራሕ ክንፊ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ኣካልን ኣምሳልና ናይ ደምበ ተቓውሞ ደኣምበር መሳርሒ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከምዘይኮኑ ስለእንርዳእ ኢዩ።

*ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መእተዊኡ "ነዚ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ኵነታት ንምቕያር፡ ኵሎም ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዝቃወሙ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ሰፊሕ ጠርናፊ ግንባር ክሰምሩ ግድን ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ፡ ናይ መላእ ተቓወምቲ ሓይልታት ሰፊሕ ግንባር ስምረት ከኣ፡ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ዙርያኡ ክዓስልን ክቃለስን ብምግባር መዋእል ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ክሓጽር ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ምቹእ ባይታ ይፈጥረሉ። በዚ መልክዕ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ምስ እትምስረት፡ ምስ ከባቢኣን ምስ ዓለምን ብሓፈሻ ዝህልዋ ዝምድናታት ድልዱል ኰይኑ፤ ዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንምሕላው ተበቕዕ። ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ኣብ ሓባራዊ ጥቕምታት ናይ ምዝማድን ሰረት ምንጻፍ ይከኣል" ይብል።*

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብዚ መንቀሊዚ ተበጊሱ ኻሎ ተቓዋሚ ሓይልታት ንምጥርናፍ ዝሰርሕ ግንባር ምዃኑ ብሩህ ኢዩ። ናይ ምንጽጻግን ምርሕሓቕን መንፈስ ንምድኻም ዝቃለስን፤ ናይ ኣባልነት ረቛሒታት ዘማልአ ዝኾነ ይኹን ተቓዋሚ ሓይሊ፡ ኣይዲዮሎጂኡ ብዘየገድስ ንምጥርናፍ ዝጽዕትን ግንባር ኢዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ንሱ ዘዋፍሮም መጋበርያታቱን፡ ህዝቢ ኣብ ዙርያ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከይዓስል ንምግባር ኵሉ ዝከኣሎም ክገብሩን ንውሱን ቍጽርን ንግዜኡን ዘደናግርዎ ክፋል ናይ ህዝብና ከምዘይስእኑን ውን ኣይንስሕቶን ኢና። ግን፡ ነቲ ምእንቲ ሃገራዊ ሓድነትን ምእንቲ ውህደት ተቓወምቲ ሓይልታትን ዝግበር ቃልስታት ደው ከብልዎ ከምዘይክእሉ ርዱእ ኢዩ። ድሮ እኳ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ብዓወት ምዝዛሙ፡ ነቲ ቅድሚ ኣኼባኡ ዝነበረ ህቦብላ ከህድኦ ምኽኣሉ ከም ጭቡጥ ምስክርነት ክጥቀስ ይከኣል ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ሕጂኸ ናበይ ንዝብል ሕቶ፡ መልስና፡ ሕጂ ናብ ስራሕ፡ ናብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ሓድነት፡ ናብ ምጥርናፍ ዝሰፍሐ ክፋል ህዝብና፡ ናብ ምጽውዋር፡ ናብ ዕድመ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምሕጻር፡ ናብ ግዝኣተ-ሕግን ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ዝነገሶ ስርዓት ምምራሽ ዝብል ኢዩ።

# ደምዳሚ መግለጺ
# ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት

ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ 15-24 መስከረም 2005 ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ኣኼባ፡ ብዛዕባቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዘሎ ፖለቲካውን ቍጠባውን ጸጥታውን ኲነታት ኤርትራ ተመልኪቱ።

ሃገራት ዞናና ጠንቂ ኲሉ ወጥርታት ንዝኾኑ ምኽንያታት ብሰላማዊ ልዝብ ንምእላይን፤ ናይ ዲሞክራሲ ባህሊ ንምስራጽን ኣብ ዝጽዕራሉ ዘለዋ እዋን፥ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ሰፊሕ ናይ ቅንጸላን መጭወይትን ተግባራት ከካይድን፤ ንመነባብሮ ናይ ህዝብና ዘጻብብ ቍጠባዊ ፖሊሲታት ክኽተልን፤ ነቲ ንሓደጋ ናይ ጥሜት እተቓልዐ ህዝብና ንምዕንጋል እተለገሰ ረዲኤት ቀረጽ ክኽፍልን፥ ኮታ፡ ኣንጻርቲ ሃገራት ዞናና ዘስርጽኦ ዘለዋ ዲሞክራስያዊ ባህሊ ክምርሽ ይርአ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ንኣፍራዱ ዓቕሚ ህዝብና ዘልምስን፤ ንሰላምን ምርግጋእን ዞባና ዝህድድን ሓደገኛ ፖሊሲታት ይኽተል ኣሎ። ካብቲ ኣብ ሃገርና ዘንጸላሉ ዘሎ ጸጥታውን ቍጠባውን ሓደጋታት ህይወቶም ንምድሓን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝርከብዎም ኤርትራውያን መንእሰያት ብብዝሕን ብዘይ ምቍራጽን ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ይውሕዙ ኣለዉ።

ብመንጽርዚ ሓቅታትዚ፡ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍን፥ ናይ ህዝብና ባህግታት ዘማልእ ሰላምን ብልጽግናን ዝሰፈኖ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን፥ ተቓወምቲ ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ፡ ማዕረቲ ኣብ ቅድሚኡ ተደቂኑ ዘሎ ብድሆታት ካብ ክብል ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ማእከላይ መሪሕነት፡ ነትን ኣብ ልዕሊ ህዝብና እተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዘቃልዓ ሃገራትን ውድባትን እናመጐሰ፤ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸንሐ ዶባዊ ወጥርታት፡ ንሰላምን ቅሳነትን ክልቲኡ ኣህዛብ ዘስግእ ሓደገኛ ጥርዚ እናሓዘ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ኣህጕራዊ ማሕበረሰብ ብሰላም ንምፍታሑ ጻዕርታቱ ከሳዕብት ጸውዐ። ከምኡ ውን፡ ኣህጕራዊ ማሕበረሰብ፡ ኲሎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ብቕጽበት ክፍትሑ ጸቕጥታቱ ከዛይድ ተማሕጸነ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ንዓቕምታት ኤርትራ ኣብ ጸረ ሽበራዊ ኲናት ኣዋፍሮ ኣለኹ ብዝብል ምስምስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ሽበራን ራዕድን ንኣህጕራዊ ማሕበረሰብ ዓይኑ ክዕምቶ ኣይግባእን።

ኣኼባ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዘሳሰሎም ንጥፈታትን፤ ኣብቲ መድረኽ ንዝነበረ ኣሰራርሓን ድሕሪ ምግምጋም ናእዳኡ ገሊጹ። ንመጻኢ መድረኽ ዝምርኰሰሉ መደብ ዕዮን ውሳኔታትን ውን ኣመሓላሊፉ።

ማእከላይ መሪሕነት፡ ንጽንዓት ህዝብና እናድነቐ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንሓድነት ህዝብና ንምብትታን ክምዝምዞ ንዝኽእል ናዃላት ብምዕባስ፡ ሃገራዊ ሓድነቱ ከዕዝዝን ከትርርን ጸውዐ።

ኣኼባ፡ ንሃለዋትን ስቅያትን ስደተኛታት ብዕምቆት ተመልከተን፤ ንስደተኛታት ዝውክል ማሕበር ንምምስራት ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ድማ መጐሱን ደገፉን ገለጸን።

በዚ ኣጋጣሚዚ፡ ህዝቢ ሱዳን ንስምምዕ ሰላም ብግብሪ ኣብ ባይታ ክትርጕምን፥ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ክምስርትን ምብቃዑ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ

ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ሓጐስ መልእኽቱ የመሓላልፍ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝሰላሰል ዘሎ ዲሞክራስያዊ ምዕባለታት ናእዳኡ ይገልጽ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገሩ ዲሞክራስን ሰላምን ንምስፋን ዘካይዶ ንዘሎ ቃልስታት ንዝድግፉ ህዝብታትን መንግስታትን ጕረባብቲ ሃገራት የመጕስ።

ኣብ መደምደምታ፡ ማእከላይ መሪሕነት ካብ ውሽጡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን፥ ኣባላት ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነትን ብምምራጽ ኣኼባኡ ብዓወት ዛዘመ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ

ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ
ዲሞክራስያዊ ኪዳን

24.09.2005

## ፖለቲካዊ ውሳኔታት ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት

### 1. ኣፈታትሓ ፍልልያትን ምስሕሓባትን፡-

ኣብ መንጎ ኣባላት ኪዳን ዝኾኑ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብፍላይ፡ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ኣካላት ድማ ብጠቕላል፡ ዝቕልቀል ምስሕሓባት ብዲሞክራስያዊ ልዝብን ብሓላፍነታዊ መንገድን ኽፍታሕ የተባብዕ።

### 2. ንኣገባብ ኣቀላልሳና ብዝምልከት፡ ኪዳን፡-

ሀ. ኵሉ ሸነኻዊ ኣገባብ ኣቀላልሳ ክጥቀም፤
ለ. ኣብ መንጎ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ውድባት ናይ ስራሕ ምውህሃድ ክህሉ፤
ሐ. እዞም ሰራዊታት እዚኣቶም ኣብ መጻኢ ናብ ሓደ ሰራዊት ዝሰጋገርሉ ኵነታት ንምፍጣር ክጽዕት ወሲኑ።

### 3. ጕዳይ ዝርርብ ምስ ህልው ስርዓት፡-

ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምፍታሕን፥ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን መንገዲ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ንምዕ ዋትን ዝዓለመ ዝርርብ ምስ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንምክያድ፡ ኪዳን ናብ መኣዲ ዘተ ኪቐርብ ድሉው ምዃኑ የረጋግጽ።

### 4. ጕዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡-

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዘይተፈትሐ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ጕዳይ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘለዎ ሚዛንን መርገጽን በዚ ዝስዕብ ይግለጽ።

ሀ. ውሳኔ ኮሚስዮ ዶብ፡ ንፍሉጥ ኣካላት ኤርትራዊ ህዝብን መሬትን ቈሪሱ ናብ ኢትዮጵያ ዘሰጋግር ብምዃኑ ዘይፍትሓዊ ኢዩ።
ለ. ብመንጽር ውዕል ኣልጀርስ፡ ብሕጋዊ ዓይኒ ኪጥመት ከሎ፡ ብይን ኮሚስዮን ዶብ ደምዳምን ቀያድን ስለዝኾነ፡ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ከምዝግባእ ኪዳን ይኣምን።
ሐ. ናይ ዶብ ኮሚስዮን ብይን፡ ዘይፍትሓዊ ብምዃኑ ኣብ ኣተገባብራኡ ንዘጋጥምዎ ሽግራት ብምግንዛብ፥ ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራይ ክፍትሑ ከምዘለዎም ይርኢ።

### 5. ጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡-

ዲክታቶርያዊ ግዝኣት ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣስፊንዎ ብዘሎ ናይ ጭቆናን ራዕድን ኵነት፡ ኤርትራውያን ናብ እተፈላለየ ዞናታት ዓለም እናሓደረ ብዝዛይድ ቍጽሪ ይስደዱን፥ ኣብ እተሰደድሉ ቦታታት ንዝተፈላለየ ሽግራትን ሓደጋታትን ይሳጥሑ ምህላዎም ብምግንዛብን፥ ንድሕነቶምን ንሰብኣዊ መሰላቶምን ንምክልኻልን፡ ዝሕገዝሉ ኣኽእሎታት ንምስፋሕን ኪሕለቕሎምን ኪጽዕተሎምን፡ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምትሕብባር ኪገብረሎምን ወሲኑ።

**6. ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ፡-**

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ መጻኢ፡ ኣካል ናይቲ ንልዑላውነት ሃገር ዝዕቅብ ሃገራዊ ሰራዊት ኰይኑ ተራኡ ኪቕጽል ኪዳን ይቕበል።

**7. ዝምድናና ምስ ህዝብታትን መንግስታትን ዞናና፡-**

ኪዳን ምስ ዞናና ዝህልዎ ናይ ዝምድና ሰረታት ብምንጻር፡ ኣብ ናይ ሕድሕድ ናጽነት ፖለቲካዊ ውሳኔ ምኽባር ዝተመስረተ ኰይኑ፡ ንርግኣትን ሰላምን፡ ንሓባራዊ ረብሓን ምትሕግጋዝን ምምዕባል ኣውራ ዕላማኡ ዝገበረ ኰይኑ ንክህነጽ፡ ኪዳን ነቲ ጅማሪዎ ዝጸንሐ ጽዓታት ኣበርቲዑ ክቕጽሎ ወሲኑ።

24 መስከረም 2005

# ጋዜጣዊ መግለጺ

ማእከላይ መሪሕነት ኣ›ርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዕለት 15 መስከረም 2005 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ካርቱም ጀሚሩ። ኣብዚ ኣኼባዚ፡ ማእከላይ መሪሕነት ንጉዳይ ኣባልነት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን ሰልፊ ጉባኤን ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣልዒሉ ብዕምቆት ድሕሪ ምምይያጥ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ።

**1ይ. ውሳኔ ብጉዳይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ**

ማእከላይ መሪሕነት ኣ›ርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ዝቐረበሉ መልእኽትታት ምርኲስ ብምግባርን፥ ናይ ክልቲኡ ሸነኻት ርእይቶታት ድሕሪ ምስማዕን ምምይያጥን ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ

ሀ. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ክልተ ሸነኻት ከምእተኸፍለ ኣረጋጊጹ፤

ለ. ማእከላይ ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኣብ ዝለኣኾ ደብዳበ ሰፊሩ ዘሎ ንኣባሉ ነበር ዝትንክፍ ገለጻታት፡ ንውሽጣዊ ጉዳያት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝምልከት ደኣምበር፡ ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝወሰዶ ናይ ኣባልነት ምርግጋጽ ውሳኔ ዝኾነ ይኹን ዝምድና ወይ ጽልዋ ከምዘይብሉ ኣረጋጊጹ፤

ሐ. ብሓው ዓብደላ ኣደም ዝምራሕ ክፉል ማእከላይ ባይቶ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ሕጋዊ ወኪል ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኣባልነቱ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክቕጽል ወሲኑ።

መ. ብሓው ኣድሓኖም ገብረማርያም ብግዝያውነት ዝምራሕ ክፉል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ነቲ ጐዲልዎ ዘሎ ውድባዊ ትካላትን ናይ ኣባልነት ኵነትን ኣማሊኡ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ክቐርብ እቲ ባብ ክፉት ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

**2ይ. ውሳኔ ብጉዳይ ሰልፊ ጉባኤ፡-**

ሀ. ሸውዓተ ውድባት ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ብዕለት 23-27 ሓምለ 2005 ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ ሰልፊ ጉባኤ ከምዝመስረቱን ውድባቶም ብኣዋጅ ከምዘሕቀቑን ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣረጋጊጹ።

ለ. ነዚ ኣዋጅዚ ዝጻረር ካብ መስረቲ ሰልፊ ጉባኤ ዝኾና ውድባት ክሳብዚ ዕለትዚ (17.09.2005) ዝወጸ ካልእ ኣዋጅ የለን።

ሐ. ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኣ›ርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንሰልፊ ጉባኤ ብመትከል ብምቕባል፥ እቶም ንሰልፊ ጉባኤ ዘቖሙ ውድባት፡ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ፍልልያት ፈቲሖም ክመጹ ወሲኑ።

ቤት ጽሕፈት ዜና ኤ.ዲ.ኪ 17.09.2005

# ስርዓት ኤርትራ ባዕሉ ኢዩ ኣብ መቓቕሮ ዝኣተወ

“ስርዓት ኢትዮጵያን መሓዙቱን፡ መን ንመን ኢዩ ኣብ መቓቕሮ ኣእትይዎ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብሓደ ኤርትራዊ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዮና ወጺኡ ንዝነበረ ጽሑፍ ሓው መሓመድ ኑር ኣሕመድ ዝህቦ መልሲ ጠቓምነቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ መጽሔት ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከምዘለዎ ተርጒማ ተቕርበልኩም እኒሃ።

“ስርዓት ኢትዮጵያን መሓዙቱን፡ መን ንመን ኢዩ ኣብ መቓቕሮ ኣእትይዎ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ብዑስማን ዑመረዲን እተጻሕፈ ሰለስተ ክፋላት ዘለዎ ሓተታ ምስ ኣንበብኩ፥ ኣብ መጀመርያ እዚ ኣብ ህዝቢ ዝእከበሉ ቦታታት ዝዝረብ ናይ እንዳ ሻሂታት ዕላል ኢዩ ዝብል ሓሳብ ስለዝመጸጸንን፤ ከምኡ ውን ናብ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት፡ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ዘቕንዐ ብዙሕ ሓተታታት ኣብ መወዳእታ 2002 ዓ.ም ጽሒፈን፥ ርእይቶይ ኣብ ክፉት ኣኼባታት ገሊጸን ስለዝነበርኩን ብዙሕ ኣይተገደስኩሉን። ኣትኩረ ምስ ኣንበብክዎ ግን፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዝነበረ ሓቅታት ዝጥምዝዝ፡ ነቲ ስርዓት ናጻ ንምውጻእ ዝሕልን ኣደናጋሪ ሓበሬታታት ዘለዎ፡ ንሃገራዊ ስምዒታት ብምልዕዓል፡ ነቲ ግጉይ ፖሊሲታት ስርዓ ት ኤርትራ ንምሽፋን ዝዓለመ ጽሑፍ ኰይኑ ረኺበዮ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፡ ነቲ ኣብቲ እዋንቲ እተጋህደ ተርእዮታት ከከም ኣመጻጽኣኡ ሓደ ብሓደ እናጠቐስኩ ክምልስ ወሲነ።

ኣብ መጀመርያ 1998 ፕረሲደንት ኢሳያስ ዕላማኡ ዙረት ድዩ ወይስ ወግዓዊ ዑደት ወይስ ሕክምና ዘይፍለጥ ብጽሖት ንምግባር ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣትዩ። እዚ ከኣ ድሕርቲ ኣብ ጋሽ ንዝነበረ ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንባድመ ክወርር ትእዛዝ ምምሕልላፉ ነበረ። ፓርላማ ኢትዮጵያ፡ ሰራዊት ኤርትራ ንባድመ ምውራሩ ጠቒሱ፡ እዚ ሰራዊትዚ ካብ ባድመ እንተደኣ ዘይስሒቡ ኢትዮጵያ ንዝተወረ መሬታ ንምምላስ ኵሉ ኣገባባት ክትጥቀም ኢያ ዝብል ኣዋጅ ኣውጺኡ ክነሱ፥ ኢሳያስ ግን፡ ብዛዕባቲ ውግእ ንመጀመርያ ግዜ ካብ ረድዮ ኣዲስ ኢየ ሰሚዐ ክብል ፈተነ። ነዚ ከኣ ኢያ መንግስቲ ኤርትራ ከም ናይ “ውግእ ኣዋጅ” ዝወሰደቶ። ኣብቲ እዋንቲ፡ ገሊኡ፡ 8 መኰንናት ስርዓት ኤርትራ፡ ብዛዕባቲ ኢትዮጵያ ትገብሮ ዝነበረት ምስፍሕፋን፤ እቲ ምስፍሕፋሕ ኣብ ኤርትራውያንን ሕርሻታቶምን ዘስዓቦ ጉድኣት ምስ ሚሊሽያታት ኢትዮጵያ ንምርድዳእ እናተጓዕዙ እንከለዉ ዝብል፤ ካልእ ከኣ፡ ገለገለ ሓይልታት ካብ ምክልኻል ኤርትራ ንሰራዊት እስላማዊ ጅሃድ ንምክትታል ዶብ ድሕሪ ምስጋሮም፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተቐቲሲ ከፊቱሎም፤ ሰራዊት ኤርትራ ድማ ነብሱ ንምክልኻል ኢዩ ፈቲኑ ዝብል ነንሓድሕዱ ዝዋቃዕ ዘረባትት ይስማዕ ነበረ። መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ብዛዕባዚ ውግእዚ ትንፍስ ኢላ ኣይተዛረበትን። እቶም ኣብዚ ጕንጺዚ ተቐቲሎም ዝብሃሉ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣይተቐብሩን። ክሳዕ ሕጂ ውን መነመን ምዃኖም ኣስማቶም ኣይፍለጥን ኢዩ። እዚ ኵሉ መናፍሓት እምበኣር፡ ንወራር ባድም ንምሽፋን ተባሂሉ ዝዝርጋሕ ዝነበረ ምስምስ ምንባሩ ኢዩ ዘረጋግጽ።

ብድሕርዚ፡ እቲ ኢሳያስ ዝነጸጎን፡ ከም ሳዕ ቤኑ ውን ንፖል ካጋመ ካብ ሽምግልና ክስሕብ ዝገበሮን ናይ ሩዋንዳን ኣመሪካ ናይ ዕርቂ ተበግሶ ጀመረ። ናይ ኣመሪካ ተበግሶ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልተ ኣንጻር ሃይማኖታዊ ጥሩፍነት ኣብ ዝካየድ ቃልስታት መሓዙታ ዝኾነ መንግስታት ተባሪዑ ዝነበረ ውግእን ንምጥፋእን፤ ኣብቲ ዞናቲ ንረብሓታት ኣመሪካ ዝሃሲ ናይ ነብሰ-ቅትለት ስርሒታት ከይዛይድ ብኣጋኡ ንምእላዩን ካብ ዝብል ዕላማ ኢዩ ዝነቕል ዝነበረ። ምምሕዳር ክሊንተን፡ ኣብ ልዕሊቶም ሽዑ፡ መጻኢ ተስፋ ኣፍሪቃ

ዝኾኑ ሓደስቲ ወለዶ ናይ መራሕቲ ዝብል እምነት ኢያ ነይርዋ። ንሳቶም ከኣ፥ ኢሳያስ ኣፍወርቅን መለስ ዜናውን ዩወሪ ሙሰቨኒን ፖል ካጋመን ኢዮም ነይሮም። ናይ ፕረሲደንት ፖል ካጋመ ካብ ሽምግልና ምንስሓብ ካብ፥ ውጽኢት ናይቲ ካብ መሓዛኡ ኢሉ ዝኣምኖ ዝነበረ ኢሳያስ ዝወሰዶ ዘይተጸበዮ መርገጽ ዘሕደረሉ ስንባደ ነበረ። ስለዚ ኢያ፥ ኮንዶሊሳ ራይስ፥ ኣብ ዋጋዱጉ፥ ርእሰ-ከተማ ቡርኪኖፋሶ ከይዳ፥ ኤርትራ ኣብቲ ቅድሚ 6 ግንቦት 1998 ዝነበረቶ ቦታታት ክትምለስን፤ ባድመ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ኢትዮጵያ ክትጸንንሕን ዝብል ውሳኔ ኣብ ኣኼባ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ክመሓላለፍ ዝገበረት። ነዚ ውሳኔዚ ንኤርትራ እትሕብር፥ ብሮበርት ሙጋበ፥ ፕረሲደንት ዚምባብወ ዝምራሕ ልኡኽ ቆመ። ንዘሳሓሕብ ቦታታት ብሓይሊ ምሓዝ ምስ ሰነዳት ስምምዕ ሕቡራት ሃገራት ስለዘይሳእነ ከኣ ኢዩ፥ ክሊንተንን ኮፊ ዓ ናንን እንተላይ ሓድነት ኣውሮጳን ነቲ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ንኢሳያስ ከዕ ግቡ ልኡኻት ዝሰደዱ። ኢሳያስ ግን፥ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንባድመ ብሓይሊ ክሳዕ ዝሕዛ፥ "ካብ ባድመ ስሒብና ማለት ጸሓይ ብዝዓረበቶ ከይበረቐት ክትተርፍ ይቐልል" "እቲ ጉዕዞ እንተደሊና ከነሕጽሮ ንኽእሊ ኢና" "ታህዲዳ ኢትዮጵያ ከም ካብ ባዶ ጕረወኛ ዝወጽእ ድምጺ ኢዩ" "ኢትዮጵያውያን፥ ኣብ ካታሎግ ዘዘንበብዎ መሳርሒታት ኢዮም ዝገዝኡ ዘለዉ ...ወዘተ ዝብል መልስታት ክህብ ኢዩ ዝስማዕ ዝነበረ። ብድሕርዚ ኢዩ ነቲ እተሓሰሞ ውሳኔታት ከይፈተወ ክቕበሎ ዝተራእየ። ኢትዮጵያ ብግንባር ጾሮና ካልኣይ መጥቃዕቲ ጀመረት ግን ኣይተዓ ወተትሉን። ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ፥ እቲ ኣብ ዋጋዱጉ እተወሰደ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ካልእ ውሳኔ ኣብ ኣኼባ ኣልጀርስ ተመሓላለፈ። መንግስቲ ኤርትራ፥ ብንጹር ከኣ ኢሳያስ፥ ነዚ ውሳኔዚ ብቕጽበት ተቐበሎ። ብድሕርዚ እቶም ሽምግልቲ ነቲ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ተክኒካዊ ቅጥዕ ታት ሓንጸጹ። እቲ ተክኒካዊ ቅጥዕታትዚ፥ ሰራዊት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብቲ ቅድሚ 6 ግንቦት 1998 ዝነበሮ ቦታታት ክንሳሕብን፥ እቲ ቦታታትቲ ኣብ ትሕቲ በርገሳዊ ምምሕዳር ክምዝኣቱን፥ ንድሕነት ሰላማውያን ዜጋታት ዘረጋግጽን፥ ግደ ዓ ቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ ካብ ወተሃደራዊ ህልውና ናጻ ዝኾነ ቦታታት ዝንጽርን ኢዩ ነይሩ። እዚ መምርሒታትዚ በቶም መንጐኛታት ክዳሎን፥ ክልቲኡ ሸነኻት ናይቲ ወጥሪ ድማ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክቕበልዎ ዝብልን ነበረ። እዚ መምርሒታትዚ ንኽልቲኡ ሸነኻት ድሕሪ ምቕራቡ፥ ኢትዮጵያ በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ንልዑላውነት ሃገረይ ዝትንክፍ ኢዩ ብምባል ኣይተቐበለቶን።

ሓይልታት ኤርትራ ካብቲ ቦታ ድሕሪ ምስሓቡ ዝቕማ ናይ ከተማ/በርገሳዊ ምምሕዳራት፥ ኣብኡ ንዝርከቡ ኤርትራውያን ክሰን የብለንን፤
ብረት ዝዓጠቑ ሚሊሻታት ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዝነብረሉ ቦታታት ክኣትዉ የብሎምን፤
ሓይልታት ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ጸጥታ ናይቲ ቦታታት ክሕልዉ፤
እዚ ሓይልታትዚ ካብ ህዝቢ ዝቐርብ ክስታት ክሰምዕ ወይ ክቕበል።

እቲ ሓሙሻይ ነጥቢ ከኣ፥ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ሰራዊት ኤርትራን ሰራዊት ኢትዮጵያን ናብቲ ቅድሚ 6 ግንቦት 1998 ዝነበሮ ቦታታት ዘንሳሕበሉ ኣገባባት ምንጻር ምስዝብል ርእይቶ እተዛመደ ነበረ። እዚ ዕማምዚ ንዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ኢዩ ተዋሂቡ ነይሩ። ኢትዮጵያ ግን፥ እዚ ዕማምዚ በቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብዝርከቡ ኣምባሳደራት ዝቖመት ሽማግለ ክፍጸምን፤ ቦታታት ንምንጻር ዝሕግዞም ሓበሬታታት ንምእካብ ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ብናጻ ክንቀሳቐሱን፤ ባድመ ቅድሚ ወራር ኤርትራ ብመን ትመሓደር ከምዝነበረት ከረጋግጹን ዝብል መርገጽ ሓዘት።

መንጐኛታት፥ በዚ ኢትዮጵያ ዘቕረበቶ

ምኽንያታት ስለዝዓገቡ፡ ነቲ ተክኒካዊ ቅጥዕታት ንምምሕያሽ ዝዓለመ ዝርርብ ክገብሩ ተሰማምዑ። ኤርትራ ግን፡ መጀመርያ፡ እቲ መደብ ብምሉኡ ብዘይ ልዝብ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ ኢዩ ብዝብል ምኽንያት ነቲ ምምሕያሽ ተጻሪራቶ እኳ እንተነበረት፡ ኣብ መወዳእታ ግን ተቐቢላቶ። እንተኾነ ግን፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ነቲ ብሃይለ ድሩዕ፡ ሽዑ ሚኒስተር ወጻኢ ጕዳያት ዝነበረ፡ ሕጂ ኣብ ማእሰርቲ ዝርከብን፤ ብየማነ ገብርኣብ፡ ፖለቲካዊ ኣማኻሪ ናይ ኢሳያስ ዝቖመ ናይ ልዝብ ሽማግለ፡ ናይ ተኹሲ ደው ምባልን፤ ናይ ኣተገባብራ ቅጥዕ ታትን ስምምዕ ከይተበጽሐ፡ ተክኒካዊ ቅጥዕታት ንምምሕያሽ ዝርርብ ከይጅምሩ ኣጠንቀቓ። እቶም መንጕኛታት፡ እዚ ወጻኢ ካብ ኣብ ስምምዕ እተጽሓሉ ዛዕ ባታት ኢዩ ብዝብል ምኽንያት ኣይተቐበልዎን። ልኡኽ ኢትዮጵያ ውን፡ ብዛዕባ ቅድም ክብል ኣብ ስምምዕ ዘይተበጽሓሉ ኣጀንዳ ክዘራረብ ስልጣን ከምዘይብሉ ብምሕባር ነጸጎ። ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ርእይቶኡ ስለዝጸንዐ ግን፡ እቲ ኣኼባ ዋላ ንመጻኢ ዝራኸበሉ ዕለት ከይወሰነ ብዘይ ገለ ፍረ ተበተነ። ኢትዮጵያ፡ ንውግእ ዝኸውን ዕጥቅታት ተዳሉን፡ ሳልሳይ ዙር መጥቃዕቲ ንምክያድ መጸዋዕታ ተቐርብን ነበረት። ውጽኢት ናይ ሳልሳይ ዙር መጥቃዕቲ ድማ ኩሉ ዝፈልጦ ኢዩ። ኤርትራ፡ ሰፊሕ ቦታታት ከሰረት። ዋላ ካብ ዘየሰሓሕብ ዝነበረ መሬታ ውን ከተንሳሕብ ተገደደት። ኣብ መላእ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ 25 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ መሬት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣህጕራዊ ሓይሊ ዓቃቢ ሰላም ክኸውን ኤርትራ ተሰማምዐት። ምኽንያቱ ድማ፡ ኢትዮጵያ ከም ተዓዋቲ ሓይሊ መጠን፡ ሓይልታት ዓቃቢ ሰላም ኣብ መሬታ ክሰፍር ምቕባል ስለዝነጸገት ነበረ። ናይ ተዓዋቲ ሓይሊ ቅድመ-ኵነት ገይራ ማለት ኢዩ። በዚ ኣገባብዚ፡ ኣብቲ ተክኒካዊ ቅጥዕታት ለውጥታት ክግበርን፡ እቲ ለውጥታት ድማ ብውጽኢት ናይ ሳልሳይ ወራር ክጽሎን ኣብ ግብሪ ክውዕልን ግድን ኰነ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ፡ ነቲ ውግእ መን ጀሚርዎ ወይ ድማ መንዩ ባዕሉ ንነብሱ ኣብ መቓቕሮ ዘእተወ ዝብል ሕቶ ዝምልስ እኹል ጭብጥታት ኢዩ በሃላይ ኢየ። ቀጺልና ከኣ፡ እቲ ጠንቅታት ናይ ውግእ እንታይ ኢዩ ነይሩ ንዝብል ሕቶ መልሱ ንምፍላጥ ክንሰግር ኢና።

ዋላኳ ጠንቅታት ናይ ምብራዕ ውግእ ንምልላይ እተፈላለዩ ርእይቶታት ክቐርቡ ዝኽእሉ እንተኾኑ፤ እቲ ጠንቅታት ብዙሕን ኣብ መወዳእታ ዝብጻሕ መደምደምታ ድማ ዘይፈልለን ምኧኑ ኢዩ ዝበርሃልና። ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ጠንቅታት፡ ኢሳያስ ስልጣን ኣብ ኤርትራ ምብሓቱን፡ ድሌታቱ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ክጽዕን ምፍታኑን ካብእ ዝሰዓበ ውጽኢታትን ኢዩ። ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ፓርቲ ዝተኸተሎ ልቦና ዝጐደሎ ፖሊሲታትን ተጻይ መልሲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዩ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ኢዩ፡ ንኢሳያስ፡ ነቶም መራሕቲ ናይተን ኣብ ጋሽ ባርካ ዝነበራ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንባድመ ክወራ ትእዛዝ ከመሓላልፍ ምቹእ ባይታ ዝፈጠረሉ። ነዚ ንምግባር ዝደረኾ ክልተ መሰረታዊ ምኽንያታት ድማ እዘን ዝስዕባ ኢየን።

1. ንቅዋም ደው ከብልን ሓፈሻዊ ኣትኵሮ ኤርትራውያን ናብ ግዳም ከዝሮን፤
2. ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓ ት ኢህወደግ ንምውዳቕ። እዚ ከኣ፡ ነቲ ሽዑ ከም መንጐኛ ኰይኑ ነቲ ወጥሪ ከህድእ ዝፍትን ዝነበረ ፕረሲደንት ጅቡቲ፡ ጉሌድ ኣብተዶን "ኣነ ኢየ ኣብ ስልጣን ኣብጺሐዮም፡ ካብ ስልጣን ከልግሶም ድማ እኽእል ኢየ" ክብል ኢሳያስ ዘቕረበሉ ዘረባ ዘረጋግጾ ኢዩ።

ካልኦት ጠንቅታት ናይ ውግእ ከምዘለዉ ውን ክከሓድ ኣይክእልን ኢዩ። ገለ ካብኦም።

- ኢትዮጵያ ንመጻረዪ ነዳዲ ወደብ ዓሰብ እትገብሮ ዝነበረት ወጻኢታት ስለዝበዝሓ፡ እተጻረየ ነዳዲ ንምግዛእ ብምውሳና፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ፤ ዘስዓቦ ክሳራታት፤
- ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ቡን፡ ካብ ምህሳኽ ንላዕሊ ሓሊፉ ንሰደድ ከምዘይከውን ምድራት። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኢትዮጵያ ጥራሕ መሰል ናይ እተፍርዮ ቡን ንሰደድ ምቕራብን ኣምሳያኡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ/ባጤራ ምርካብን፤
- ናይ ኤርትራ ናይ ጽዕነት መኻይን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከይሰገራ ጽዕ ነተን ከራግፋን፡ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ጽዕነት መኻይን ከምዝሰጋገር ምግባርን። እዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ መንግስቲ ዝውንኖ ኩባንያ ቀይሕ ባሕሪ ከቢድ ክሳራታት ኣስዒቡ፤
- ብኩባንያ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣቱ ዝነበረ ኮንትራባንድ ብሓፈሻ፡ ናይ ክቡር ኣልኮላዊ መስተ ኮንትሮባንድ ድማ ብፍላይ ደው ምባል፤
- 09 ኣብ ኢትዮጵያ ብእተካይዶ ዝነበረት ናይ ዶላር ሸርፊ ዝኣከበቶን፡ ንዲፕሎማስያዊ ሕግታትን ልምድታትን ብምጽራር፡ ብዲፕሎማስያዊ ሳጹን ኣቢላ ናብ ኤርትራ እትልእኮ ዝነበረት ዶላራት ደው ክብል መንግስቲ ኢትዮጵያ ስለዝጠንቀቐት፤

መንግስቲ ኤርትራ ናቕፋ ዝብሃል ባጤራ ድሕሪ ምውጽኣ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝንቀሰቐስ ዝነበረ ብ500 ሚልዮን ብር ዝግመት ገንዘብ፡ ብዶላር ክትክኣላን፤ ክልቲኡ ባጤራታት ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ክሰርሕ ኣለዎ ጠለብ ናይ ኤርትራ ነጺጋ፤ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝካየድ ንግድ ብዶላር ጥራሕ ክኸውን ኣለዎ ስለዝበለትን፤

ሓውና ዑመረዲን ነቲ ኵነታት ብቐረባ ይከታተሎ ስለዘይነበረ ነዚ ሓቅታትዚ ኣይፈልጦን ኢዩ። ነቲ ብተግባራቱን፡ ብጸቢብ ኣርኣእያኡን፡ ብግጉይ መርገጻቱን፡ ኣህጉራዊ ሕግታት ብዘይምፍላጡን እተኸሎነ ስርዓት ኢሳያስ ንምክልኻል ጥራሕ፤ ስኑድ ሓበሬታታት ዘይብሉ ወይ ውን ብቐረባ ክከታተል ዘይጸንሐ ሰብ ብዛዕባ እዚ ጕዳይዚ እንተዘይዛረብ ምሓሸ ነይሩ። እቲ ዑመረዲን ዝከላኸለሉ ዘሎ ፕረሲደንት ኢሳያስ ካብ ዝነበሮ ግጉይ ግምት ተበጊሱ፡ ከምቲ ኣብ ጕዳይ ደሴት ሓኒሽ ዘጋጠመ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ባድመ ከይወጸ እንከሎ፡ እቲ ጕዳይ መዕለቢ ክግበረሉን፤ ብዝውሃብ ብይን ድማ ሓይልታት ኤርትራ ክስሕብ ወይ ኣብኡ ክተርፍ ክውሰነሉ ጠለበ። ባድመ ሓንሽ ከምዘይኮነት ኣብ ግምት ከእቱ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ፡ ባድመ ኣይኮነትን። ባድመ ኣብ ናይ መሬት ዶብ እትርከብ ቦታ ክትከውን እንከላ፥ ሓኒሽ ግን፡ ክሳዕ 150 ነዳዲ ዝጸዓና መራኽብ ዝመሓላለፉሉ ኣህጉራዊ ናይ ማይ መጓዓዝያ መስመር ዘለዋ፡ ካልኦት መተሓላለፊታት ዘይወዳደርኣ ኣብ ማእከል ባሕሪ እትርከብ ደሴት ኢያ። ስለዚ ከኣ ኢየን፡ ኣብቲ ዞና ዝርከባ መንግስታት ደኹና ኣህጉራዊ ሓይልታት ንረብሓታተን ክብላ ውግእ ከይባራዕ ምእንቲ ነቲ ሽግር ንምፍታሕን ናብ ቤት ፍርዲ ንምቕራቡ እተጓየያን፤ ከምኡ ውን የመን መሬታ ንምምላስ ሓይሊ ከይትጥቀምን፥ ትዕግስቲ ክትገብርን ክደፍእኣ እተራእያ።

እቲ ሓው ዑስማን በደዊ ዝጠቐሶ ብኩራት ናይ ተኸሲ ጠጠው ምባል ተበግሶ፡ ኣብ ቀጻሊ ኵናት ዝካየደሉ ውግኣት ጥራሕ ኢዩ ክጥለብ ዝከኣል። ናይ ሩዋንዳን ኣመሪካን ተበግሶ ክጅምር እንከሎ እቲ ኵነታት ግን ከምኡ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋንቲ ኤርትራ ንባድመ ጐቢጣ ሒዛ ዝነበረትሉ፤ ኢትዮጵያ ድማ፡ ኤርትራ እነተደኣ ዘይስሒባ መሬተይ ብሓይሊ ክመልስ ኢየ ኢላ እትገልጸሉ ኵነት ኢዩ ነይሩ። ኢትዮጵያ፡ መሬታ ብውግእ ንምምላስ ኣብ እተበገስትሉ እዋን፡ ባድመ ን6 ኣዋርሕ ዝኸውን ኣብ ትሕቲ ጐበጣ ኤርትራ ኣብ ዝነበረትሉ፤ ከምኡ ውን ንኢሳያስ ካብ ባድመ ክስሕብ ንምዕጋብ እተገብረ ኵሉ ሰላማዊ ጻዕርታት ኣብ ዝፈሸለሉ እዋን ኢዩ ነይሩ። ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ታህዲድ መሬታ ንምምላስ ጥራሕ ኣይነበረን፤ እንታይ ደኣ፡

ስርዓት ኢሳያስ ዘይርስዖ ትምህርቲ ከተቐስሞ ምዃና ውን ትገልጽ ነይራ ኢያ። ከምኡ ከኣ ኰይኑ። እቲ በቲ ኲናት ዝተሃስየ ግን፡ ኢሳያስ ዘይኰነስ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝኸሰሮ ገንዘብ ይኹን ዝኸሰሮ ውላድ ኣይነበሮን። ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኰረሻ ናይ ስልጣን ኮፍ ኢሉ ንህዝቢ ክሳቒ ኢዩ ዝርከብ ዘሎ።

ኣብ ኣእሙሮይ ዝመጸኒ ሓደ ጕዳይ ድማ፡ ሓው ዑመረዲን ውግእ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ኣብ ኤርትራ ምንባሩ ኢዩ። ካብቲ ኣካታቲሉ ዘውጽኦ ጽሑፋት ድማ፡ ብልቢ ኣብ ጐድኒ ኢሳያስ ደው ኢሉ ከምዝነበረ ብሩህ ኢዩ። ስለዚ፡ ኣብ ኣውስትራልያ፡ ፖለቲካዊ ዑቕባ ክሓትት ዝደረኾ ምኽንያት እንታይ ኢዩ?!!! ክልተ ዓይነት ስደተኛታት ኢዮም ዘለዉ። እቲ ሓደ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ዝሃደመ፤ እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ካብ ዲክታቶርያዊ ጭቆና ዝምለጠን ኢዮም። ካብ ጽሑፋት ዝበጻሕክዎ መደምደምታ ድማ፡ ዑስማን በደዊ ዑመረዲን ካብቲ ካልኣይ ዓይነት ናይ ስደተኛታት ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ ካብ ዘዘንተወ ተረኽቦታት፡ ካብታ ካብ ጅዳ እተሳፈረላ ነፋሪት ጀሚሩ ክሳብ እታ ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ደው ኣቢላ፡ ነዞም ዓጋመ ክንስዕሮም ኢና ዝበለቶ ሰበይቲ፡ ወይ ክሳዕ እቲ ዝተዓዘቦ ዘይባህርያዊ ዝኾነ ናይ ህጻናት ህያው ምንቅስቓስ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ከምዝነበረ ኢዩ ዘረጋግጽ። ስለዚ፡ ናይቲ ስርዓት በደል መሪርዎ ዝሃደመ ክነሱ፡ ስለምንታይ ነቲ ስርዓት ክከላኸለሉን፥ ንጌጋታቱን ሕማቕ ምሕደራኡን ክሸፍነሉን ይፍትን ከምዘሎ፡ ጥዑይ ኣእሙሮ ዘለዎ ሰብ ክርድኦ ኣይክእልን ኢዩ።

## ኣምር ዲክታቶርነትን ዲሞክራስን

ዲሞክራስን ዲክታቶርነትን ከም ኣገባብ ምምሕዳር ብዙሕ ንቕድሚት ዘይስጉም ክትዓት ዝካየደሉ ኣርእስቲ ኢዩ። ኣእሙሮ ዘለዎም ሰባት ኣብ መንጎ ዲሞክራስን ዲክታቶርነትን ሰፊሕ ፍልልይ ከምዘሎ ይሰማምዑ ኢዮም። ኣብዚ መወዳእታ እዋን፡ ካብቲ ምእንቲ ዲሞክራሲ ዝካየድ ቃልሲ ንገዛእ ርእሶም ተስፋ ቆሪጾም፤ ንኣህዛብ ብፍላይ ድማ ነቲ ድሑር ሕ-በረተሰባት ተስፋ ንምቕራጽ ንዲሞክራስን ዲክታቶርነትን ክሓዋውሱ ዝፍትኑ ድምጽታት ክስምዑ ጀሚሮም ኢዮም። እዚ ፍሹል ፈተነዚ፡ ንዲሞክራሲ ኣብ ክሊ ክለሳ-ሓሳብን ዘረባን ጥራሕ ብምሕጻር፤ ንዲክታቶርነት ብፍላይ ድማ ንወተሃደራዊ ምልኪ ንዘረባ ግዜ ዘይብሉ ናይ ግብርን ፍረን ኣምር ገይሩ ከአመጉሶን ከብሮ ክሃርመሉን ይርከብ። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ብዲክታቶርያዊ ስርዓታት ኰነ ተባሂሉ ዝፍጠር ናይ ምድንጋር ሃዋህው፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ እቲ ንዲሞክራሲ ዝጠልብ ደምበ ተቓውሞን፡ ኣብ መንጎ እቲ ንመስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘንኣእስን፤ ንዲሞክራሲ ከም ምግያጽ፡ ነቶም ብዛዕባ ዲሞክራሲ ዝሕለቑ ድማ፡ ካብቲ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ግንቦት 2005 ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት ዝበሎ ኤርትራ ብዞና ይኹን ብዓለም ክትህረም እትደላ ዘላ ሃገር ዝብል መናፍሕ ተበጊሶም ብክሕደት ዝኸሰዎን ዘሎ ፍልልያት ብጋህዲ ተንጸባሪቑ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ በዚ ሓሶታትዚ መታን ከይድናገር፡ ኣብ መንጎ ዲሞክራስን ዲክታቶርነትን ዘሎ ፍልልይ ብንጹር ምንባር ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ኢዩ። ዲሞክራሲ እምበኣር፡ ዝቆጻጸር ህዝቢ፡ ዝተሓሳሰበ ፓርላማ፡ ዝነቕፍ ወይ ከኣ ዝወቅስ ፕረስ ክኸውን ከሎ፤ ዲክታቶርነት ድማ፡ ዝጭርሕ ህዝቢ፡ ዘጣቅዕ ፓርላማ፡ ዝስዕስዕ ፕረስ ኢዩ። ስለዚ ዲክታቶርነት፡ ዘይውዳእ መስርዕን፡ ዘየቋርጽ ከበሮን፡ ደው ዘይብል መዛሙርን ኢዩ። ዲሞክራሲ ግን፡

ትምህርትን ስነፍልጠትን ንምቕሳም ዝግበር ምርምርን ተመኩሮን ዘተን ምይይጥን ኢዩ። ዲክታቶርነት ሓወልቲ ምስራሕን ፍጊዕ ዝብል ዜና ምድግጋምን ጭልምልም ዝብል ብርሃንን ኢዩ። ዲሞክራሲ ግን፡ ሕቶን መልስን፡ ብኣባላት ፓርላማ ዝቖም ናይ ምርመራ ሽማግለታት፡ ሓሳባትካ ንህዝቢ ምግላጽን ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ዲሞክራሲ፡ ዝሰርሕን ዝፈጥርን፡ ዝጽሕፍን ዝትልምን ኣእዳው ክኸውን እንከሎ፥ ኣብ ዲክታቶርነት ግን፡ ኣብ ጣቕዒት እተቖረነ ኣእዳው፡ ብራዕድን ፍርሕን ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾነ ኣእሙሮን፡ ብምክትታል ዝዓ ረበ ሕልናን ኢዩ ዘሎ።

ኣብ ዲሞክራሲ ንኣሽሓት መራሕትን ተመራመርትን ዝኸውን ኩርስታት ኣሎ፤ ኣብ ዲክታቶርነት ግን፡ እንኮ ኩርሲ፡ ንእንኮ መራሒ፡ ንእንኮ ተመራማሪ፤ ስሙ ኣብ ኩሉ ቦታታት ይስማዕ፡ ስም ካልኦት ግን ይጠፍእ፤ ስእሉ ኣብ ኩሉ ይልጠፍ፡ ስእሊ ካልኦት ግን የለን። ኣብ ምልካዊ ስርዓት ብዘይካቲ ዲክታቶር ካልእ ኩሉ ባዶ ኢዩ። ንሱ ኢዩ ኣንደበት፡ እቲ ካልእ ክዛረብ የብሉን። እንተተዛሪቡ ድማ፡ ነቲ ዲክታቶር ዘመጕስ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ እቲ ኣምሓዳሪ ቅድሚ ምውሳኑ ኢዩ ዝሓስብ፡ ኣብ ዲክታቶርነት ግን፡ ህዝቢ ይፍቶ ይጽላእ ውሳኔኡ ክቕበል ኣለዎ። እንተዘይተቐቢሉ ኩርማጅ ወይ ሃገር እተባሃል ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ኣላቶ። ኣብኣ ዝኣተወ ጥፉእ፡ ኣብ ደገ ዘሎ ድማ ዕድለኛ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ልክዕ ከም ሓደ ኣብ ገዛ ዝኣተወ ሰራቒ ካብ ዝኾነ ደኹን ምንቅስቓስን ድምጽን ዋላ ናይ ህጻን ውን ከይተረፈ ዝፈርሕ፡ ዲክታቶር ውን ከምኡ ፈራሕ ኢዩ። ዲሞክራስያዊ ኣመሓዳሪ ግን፡ ብክሉት ኣእሙሮ ኢዩ ዝሓስብን ዝውስንን።

ድሕርዚ ሓጺር ምንጽጻር ንኣምር ዲሞክራስን ዲክታቶርነትን እዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንጐቲ ንሃገርናን መጻኢ ዕድልናን ኣብ ኢዱ ጨቢጡ ዘሎ ስርዓ ትን፥ ኣብ መንጐ እቶም ንዲሞክራስን ናጽነትን ዝቃለሱ ተቓወምቲ ውድባትን ዘሎ ፍልልይ ክግንዘቦ ይግባእ። ስርዓት ኢሳያስ ይኣስርን ይቕትልን ህዝቢ ንስደት ከምርሕ ክደፋፍእ እንከሎ፤ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞታትን ዲሞክራስያዊ ንቕሓትን ግን በዚ ከይተሰናኸለ ክሕይልን ክዓሙቕን ኢዩ ዝርአ ዘሎ።

ኣብዚ መድረኽዚ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንጠለባት ህዝቢ ኤርትራ ከማልእ፡ ካብ ዝኾነይኹን ግዜ ንላዕሊ ክጽዕር ኣለዎ። ከምኡ ውን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ብሓፈሻ፥ ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ ተሓባቢሩ፡ እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ሃገራዊ ግዲኡ ክጻወት ይግባእ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ንጥፈታት ኪዳን

### 1. ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ ዕለት 05-08 መስከረም 2005 ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ካርቱም ኣካይዱ። ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ኣኼባኡ ካብ ኲሎም ኣብያተ-ጽሕፈታቱ ዝቐረቡ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጸብጻባት ድሕሪ ምስማዕ ኣጽዲቑ። ናብቲ ብዕለት 15 መስከረም 2005 እተኻየደ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ጸብጻብን ለበዋታትን ኣቕሪቡ።

ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ዝሓለፉ 6 ኣዋርሕ ክሰላሰሉ ተባሂሎም ተተሊሞም ዝነበሩ መደባት መ፡ብዛሕታኦም ከምእተፈጸሙን፤ ንመጻኢ ንጥፈታቱ ንምስላጥ ዘድልዩ ትካላት ውን ቀይሞም ምህላዎምን ተመልኪቱ። ኣኼባ ብምሉእ ዕ ግበትን ምርድዳእን ብዓወት ተዛዚሙ።

### 3. ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዓወት ተዛዚሙ

ካብ ዕለት 15-25 መስከረም 2005 ኣብ ካርቱም ክካየድ ዝጸንሐ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ።

ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ብቐዳምነት ንጉዳይ ኣባልነት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራን ተመልኪቱ። ካብ ኲሎም ሸነኻት ንዝቐረበሉ ርእይቶታት ድሕሪ ምስማዕ፡ ኣብ ፍልልያቶም ኢዱ ከይኣተወ፡ ንትካላዊ ኣሰራርሓን ሕጋውነትን ጥራሕ ኣብ ግምት ዘእተወ ውሳኔ ወሰደ። በዚ መዕቀኒ መሰረት፡ ዝበዝሐ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ሽማግለን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኣብ ጐድኒ እቲ ብሓው ዓብደላ ኣደም ዝምራሕ ክንፊ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነዚ ክንፊዚ ወግዓዊ ወኪል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኰይኑ ክቕጽል ተቐቢሉ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ብሓው ኣድሓኖም ገብረማርያም ዝምራሕ ክንፊ፡ ነቲ ጐዲልዎ ዘሎ ረቛሕቲ ማለት ምኽያድ ጉባኤን ምምራጽ ሓጋግን ፈጻምን ኣካላን ኣማሊኡ ክመጽእ ንምቕባሉ ድማ ባብ ክፉት ምዃኑ ኣረጋጊጽሉ። ብተወሳኺ፡ ማእከላይ መሪሕነት፡ ነዚ ተመኵሮዚ፡ ኣብ መጻኢ ንዘጋጥሙ ፍልልያት ብተመሳሳሊ ሕጋዊ ኣገባብ ክተሓሓዞ ምዃኑ ድማ ኣስሚርሉ ሓሊፉ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ብዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ዝፍለጥ ዝነበረ 7 ውድባት ዝሓቖፈ ግንባር፡ ብ23-27 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ከምዝመስረተን፤ እቶም መስረቲ ውድባት ብፍታዎም ውድባቶም ከምዘሕቀቑን ብኣዋጅ ንህዝቢ ስለዘፍለጡን፤ ብድሕሪኡ ክሳዕ እዚ ዕለት እዚ ነዚ ኣዋጅዚ ዝጻረር ካልእ ኣዋጅ ካብቶም መስረቲ ውድባት ስለዘይወጸ፡ ማእከላይ መሪሕነት ንሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ብመትከል ብምቕባል፡ ነቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍልልያት ፈቲሖም ክመጹ ወሰነ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ማእከላይ መሪሕነት፡ ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ናይ ዝተኻየዱ ስርሓት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ጸብጻባት ድሕሪ ምስማዕ ገምጋሙ ኣንበረ። ኣኼባ፡ ብመንጽርቲ ዝነበረ ወድዓዊ ጸገማት፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብዚ ናይ ምምስራትን እግሪ ምትካልን መደረኽ ዘሰላሰሎም ዕማማት ብኣዎንታ ገምገመ።

ነቲ ብባዕላዊ ሕጽረታት ክፍጸም ዘይተኻእለ መደባት ድማ፡ ኣብ መጻኢ መድረኽ ብዕቱብነት ክሰርሓሉ መምርሒታትን ውሳኔታትን ኣመሓላለፈ። ከምኡ ውን፡ ናይ ዝመጽእ ዘሎ 6 ኣዋርሕ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ሰኣለ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣኼባ፡ ካብ ኣባላቱ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ኣባላት ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነትን ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን መረጸ። ንሳቶም ከኣ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

ሀ. ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነት

ብርሃነ የማነ (ሃንጀማ) - ኣቦ መንበር
ዓሊ ሱሌማን ዓ ምኽትል ኣቦ መንበር

ለ. ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡-

1. ሑሴን ኽሊፋ - ኣቦ መንበር
2. ዓብደላ ኣደም - ምኽትል ኣቦ መንበር
3. መሓመድ ኑር ኣሕመድ - ሰክረተር
4. ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር - ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት
5. መንግስተኣብ ኣስመሮም - ሓላፊ ዜና
6. መሓመድ ጣህር ሸንገብ (ኣቡሻክር) ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት
7. ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ - ሓላፊ ቍጠባውን ገንዘባውን ጉዳያት
8. ኢብራሂም ሃሮን - ሓላፊ ጸጥታን ሓበሬታን
9. ቀርነልዮስ ዑስማን - ሓላፊ ሕብረተሰብኣዊ ጉዳያት

## 2. ጽንብል መበል 44 ዓመት ባሕቲ መስከረም ኣብ ሱዳን

"ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡ ነቲ ምእንቲ ናጽነትን ዲሞክራስን ፍትሕን ዝካየድ ቃልስታት ዘረጋግጽ ኢዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፥ ብዙሓት ኤርትራውያንን ሱዳናውያን እተሳተፍዎ ዝኽሪ መበል 44 ዓመት ናይቲ ብጅግና ሓምድ ዓዋተ እተጀመረ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም ብ9 መስከረም 2005 ብክብ ዝበለ ድምቀት ተጸንቢሉ ውዒሉ።

እቲ በዓል "ሓደ መስከረም" ብዝብል መዝሙር ተኸፊቱ። ብድሕርዚ" ንፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ወኪሎም፡ ሓው ተስፋሁነይ መስፍን፡ ሰክረተር ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጉዳያትን፤ ሓው መሓመድ ኣሕመድ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ጨንፈር ካርቱምን ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣቕሪቦም።

እተፈላለያ ጉጅለ ባህልታት ዘቕረብኦ ንህዝቢ ዝመስጠን ዘንቀሳቐሰን ሃገራዊ መዛሙርን ባህላዊ ደርፍታትን ንዝኽሪ መበል 44 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ፍሉይ ድምቀት ሂብዎ ኣምስዩ።

ነቲ ብ09 መስከረም 2005 ኣብ ካርቱም እተኸብረ ጽንብል ባሕቲ መስከረም ብምቕጻል፡ ብዕለት 13 መስከረም ኣብ ከሰላ ብዕለት 14 መስክረም ድማ ኣብ ገዳርፍ፡ መበል 44 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ።

ኣብ ከሰላ ኣብ ኣዳራሽ ታጁጅ እተጸንበለ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ካብታ ከተማን ካብ ከባቢኣን ማእለያ ዘይብሉ ህዝቢ ተሳቲፉ። እቲ ጽንብል ብብወኪል ናይ ሕዝብ ኣል ሙእተመር ናይ ደገፍ ቃል ተኸፊቱ። ስዓቡ ድማ፡ ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ቃል ገዳይም ተጋደልትን ቀሪቡ።

ኣብ ርእሲዚ፡ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ዝቐረቡ መዛሙርን ግጥምታትን ውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ሂበሞ ውዒሎም። ህዝቢ ድማ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕን ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካኡን ቃልስታቱ ከሕንን ምዃኑ ተመባጺዑ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ገዳርፍ ብርክት

ዝበለ ህዝቢ ኣብ እተረኽበሉ መበል 44 ዓ መት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ተኸቢሩ ውዒሉ። ወኪል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቲ በዓልን ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ህዝብና ዘካየዶ ቃልስታትን ዝምልከት መሳጢ ቃል ኣቕሪቡ። ከምኡ ውን፡ ህዝብና፡ ኣብዘን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕለፈን 14 ዓመታት ዝወረዶ ሓሳረ-መከራ ብዝርዝር ጠቒሱ። ካብዚ ጸላም በዓ ቲዚ ንምውጻእ፡ እቲ መድረኽ ዝጠልቦ ጕዳያት ድሕሪ ምእማት፡ ህዝብና ጽዓታቱ ከስምርን ኣብ ጐድኒ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክስለፍን ጸዊዑ።

ከምኡ ውን፡ ቃል ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ናይ ደገፍ ቃል ማሕበር ተመሃሮ ኣብቲ ኣውራጃን ቀሪቡ። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝቐረቡ ባህላዊ ደርፍታትን ግጥምታትን ድማ፡ ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ሂብዎ።

ብጻይ ተስፋሁነይ መስፍን፡ ንፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ወኪሉ፡ ኣብዚ በዓላት እዚ ተሳቲፉ።

**3. ጽንብል ባሕቲ መስከረም ኣብ ሆላንድ፡-**

ብዕለት 24 መስከረም፡ ኣብ ከተማ ሮተርዳም ጽንብል ባሕቲ መስከረም፡ መበል 44 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ።

ኣቶ ተስፋይ ርእሶም፡ ንኹሎም ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፤ ንዕዱማት ኣጋይሽን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ብምባል ናይ መእተዊ ቃል ኣስሚዑ። ቀጺሉ ውን፡ ናይቲ ምሸት መደባት ብምሕባር፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ብሓባር "ሓደ መስከረም" ዝብል መዝሙር ዘመሩ።

ስዒቡ፡ ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጨንፈር ሆላንድ ብኣቶ መኰንን ተኽለን ብኣቶ ኣሕመድ ነጋሽን ብተኸታታሊ ተነቢቡ። ኣብ ጽሑፎም ብዛዕባ ኣገዳስነት ባሕቲ መስከረምን ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ዓሚቕ ትርጉምን ኣመልኪቶም ኣብርሁ። ከምኡ ውን፡ ህዝብና ንባሕቲ መስከረም ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት የብዕላ ከምዘሎ ሓቢሮም። ካብዚ ኣቲናዮ ዘሎና ዓዘቕቲ ክንወጽእ፡ ሕጂ ውን፡ ፈለግ ባሕቲ መስከረም ንኽተል ብምባል ድማ ጸዊዒቶም ኣቕሪቦም።

ብምቕጻል፡ ኣባላት መሪሕነት ኤርትራውያን ውድባት፡ ኣቶ ኣሰፋው በርሀን ኣቶ እስማዒል ዓልን ኣቶ ዑስማን ሁመድን ህዝብና ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራ ብዝርዝር ገሊጾም። ካብዚ ኩነታት ንምውጻእ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ንቑሕ ተሳትፎ ከምዘድሊ ሓቢሮም። ከምኡ ውን፡ ወይዘሮ ኣስገደት ወጽዓ ጓል ኣንስተይቲ ድሕሪ ናጽነት ብዝኸፍኤ መልክዕ ይቕጽል ከምዘሎን፤ ምእንቲ ህዝባ ዝኸፈለቶን ሕጅ ውን ትኸፍሎ ዘላን ከቢድ ዋጋን ገሊጻ።

ከምኡ ውን፡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዘቕረቡ ሃገራውን ባህላውን ደርፍታትን መዛሙርን ግጥምታትን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ሂብዎ ኣምሲዩ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ መበል 44 ዓመት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡ ኣብ መልበርን፡ ኣውስትራልያ ብክብ ዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ ምውዓሉ፡ ካብቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

# ኤርትራ፡-

## 1. ካመራ ምዕራባዊ ዲፕሎማት ኣረሚናዊ ቅትለት ኣቃሊዓ

ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ስሙ ክጠቅስ ዘይፈቀደ ናይ ሃገራት ምዕራብ ዲፕሎማት፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ካብ ግዱድ ዕስክራና ከምልጥ ዝፈተነ እሞ ብሓደ ካብቶም ሒዞም ዝነበሩ ወተሃደራት ብእተተኮሰሉ ጠያይቲ ናይ እተቐትለ መንእሰይ ሬሳ ብካመራ ዝቀረጾ ኣሳእል

ምስ ትዕዝብትታቱ ኣሰንዩ ናብ "ኮሬራ" እተባህለት ናይ ጣልያን ጋዜጣ ብስውር ብምልኣኽ ኣቃሊዑ። እቲ ሬሳ ንሓደ ሰዓት ዝኸውን ሰብ ከይቀረቦ ኣብቲ ጽርግያ ተደርብዩ ተረኺቡ። ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ፡ ክሃድም ዝተረኸበ ኣባል ሰራዊት ኤርትራ ክቕተል ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

እዚ ገበንዚ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዊዓ 1ን ዊዓ 2ን፡ ኣብ ዓዲ ኣበይቶን ኣብ ደሴት ዳህላክን ኣብ ሳዋን፥ ከምኡ ውን ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘጋጠመ ናይ ኣማእት ዜጋታት ህልቂት፤ ኣብ ልዕሊ ተመሃሮን መንእሰያትን ኤርትራውያን በቲ ስርዓት ክፍጸም ዝጸንሐ ገበናት ኢዩ። በዚ ከኣ፡ እቲ ስርዓት ዝፍጽሞ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ብሓፈሻ፡ ዋሕስነት ናይ ህይወት ድማ ብፍላይ ናብ ቃልዕ ወጺ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ሓለዋ ዶብ ኢጣልያ ዝኾኑ ወተሃራት፡ ካብ ሓንቲ 140 መንገደኛታት ጽዒና ካብ ገማግም ሊብያ ናብ ኣውሮጳ ትሰግር ዝነበረት እሞ ዝጠሓለት ጃልባ 11 ሬሳታት ከምዘውጽኡን፤ ዜግነቶም ድማ፡ ካብ እተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪቃ ምዃኖምን ኣብ መንጐኦም ኤርትራውያን ከምዝርከቡን ረድዮ ቢቢሲ ሓቢሩ።

ገለ ካብቶም ዝደሓኑ ድማ፡ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተበጊሶም ብሱዳን ኣቢሎም፡ ምድረበዳ ኣቋሪጾም ናብ ሊብያ ንምእታውን፤ ካብኡ ድማ ንገማግም ዓዲ ጣልያን ንምስጋርን 2000 ዶላር ኣመሪካ ከምዝኸፍሉ ኣረጋጊጾም። መንግስቲ ጣልያን ነዞም ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ናብ ዶባታ ዝኣትዉ ዘለዉ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ክትመልሶም ምዃና ክትገልጽ ትስማዕ ኣላ። እዚ ድማ፡ ነቶም ተባረርቲ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለዝኾነ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን፡ ነቶም ንህይወቶምን ክብሮምን ንምድሓን ኢሎም ሃገሮም ክገድፉ እተገደዱ ስደተኛታት ናብቲ ሃዲሞምሉ ዝመጹ ሃገር ከይመልስዎም ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን ጣልያን ተጽዕኖታት ክገብሩ ይግባእ።

## 2. ሰበስልጣን ኤርትራ ንሱዳናውያን ዲፕሎማሰኛታት የበሳብሱ ኣለው

ጸጥታዊ ትካላት ስርዓት ኤርትራ፡ ዲፕሎማሰኛታት የፋራርሕን ይኣስርን ከምዘሎ ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ ዘተኣማምኑ ዲፖሎማስያዊ ምንጪታት ሓቢሮም። በዓል ቤታ ንሓንቲ ኣሊ ኣሽሃር ሰላሕ እተባህለት ሱዳናዊት ዲፕሎማት፡ ኣብ ቅድሚ ዓይና ብጸጥታ ስርዓት ኣስመራ ክበሳበስ ተራእዩ። ከምኡ ውን፡ ንገለገለ ደቂ ኣንስተዮ ዲፕሎማሰኛታት መፋትሕ መኻይንን ወረቐት መንነትን ኣሕዲጎም ናብ ካርሸሊ ወሲዶመን። ሓደ ስሙ ክጠቅስ ዘይደለየ መኰንን ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ንሱዳናውያን ዲፕሎማሰኛታት ነዊሕ ግዜ ዝወስድን ደቂቕ ፍተሻን ክግበረሎም ኣለዎ ዝብል መምርሒ ካብ ሰበስልጣን ኤርትራ ከምእተዋህቦም ገሊጹ።

ሰበስልጣን መንግስቲ ሱዳን ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ክትዛረቡ እኳ እንተዘየደለዩ፤ ሕጂ ዝጅመር ዘሎ ሓድሽ ተግባር ስለዘይኮነ ግን ኣይገርሞምን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብ1994 ኸሎ ንዲፕሎምሲ ዝምልከት ኣህጉራዊ ሕግታትን ቅጥዕታትን ብምጥሓስ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኤምባሲ ሱዳን ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ኣረኪቡ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

ናይ ሱዳን ቀዳማይ ምኽትል ፕረሲደንት፡ ዓሊ ዑስማን ጠሃ፡ ብ21.09.2005 ኣብ ካርቱም ኣብ እተኻየደ "ጉባኤ ኣንጻር ራዕዲ"፥ ዝምድና ጐረባብቲ ሃገራት ከይተመሓየሸ፡ ናይ ሱዳን ናይ ሰላም ስምምዕ ክዕወት ኣይክእል ኢዩ ኢሉ። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ስርዓት ኢሳያስ ዶባት ሰጊሩ ኣብ መሬት ሱዳን መጥቃዕትታት የካይድ ምህላውን፤ ምስ ኣስመራ ዘሎ ወጥርታት ንሰላምን ምርግጋእን ናይቲ ዞና ከምዘይሕግዝን ኣመልኪቱ። ቀጺሉ፡ ነዚ

ወጥርታትዚ ንምስጋር ስርዓት ኤርትራ ናብ ቀጥታዊ ልዝብ ክኣቱን ነቲ ዝምድናታት ናብ ባህርያዊ ቦታኡ ክመልሶን ጸዊዑ። ዶክተር መጅዙብ ኣልኸሊፋ፣ ናይ ቀደም ሚኒስተር ሕርሻ ነበር፣ ኣብ ኣዳራሽ ስውእ ኣዙቤር ብ10 መስከረም ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፣ ምምሕያሽ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ምስ ምቕያር ጠባያት ስርዓት ኢሳያስ እተኣሳሰረ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጹ፥ ግደ ስርዓት ኤርትራ ዓንቃፍን ብኣንጻር ናይተን ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራት ንመስርሕ ሰላም ኣብ ሱዳን ንምዕ ዋት ዘካይድኦ ዘለዋ ጽዓታት ምዃኑን ኣቃሊዑ።

### 3. ደማዊ ግጥምያ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ኤርትራ

ኣብ መንጎ ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ንኢትዮጵያ ዝሰግሩ ዝነበሩ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን፤ ኣብ መንጎ ክዓ ግትዎም ዝፈተኑ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከቡ ኣሃዱታት ሰራዊት ኤርትራ ከቢድ ኵናት ከምእተኻየደ፣ ሰፋሪ ዳት ካም እተባህለት ናይ ሱዳን መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኣፍሊጣ። ኣብዚ ግጥምያዚ፣ 160 ዝኾኑ ወተሃደራት ከምእተቐትሉን፥ መብዛሕትኦም ድማ ካብቶም ዝሃድሙ ዝነበሩ ምዃኖምን ሓቢራ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ ቅድም ክብል፣ ኣብ ልዕሊ ካብ ሰራዊት ክሃድሙ ዝፍትኑ ወተሃደራት ናይ ሞት ስጕምቲ ክውሰድ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፣ ገለ ካብ ኤርትራ ናብ ሃገሮም እተመልሱ ሱዳናውያን፣ መንግስቲ ሱዳንን ኣህጕራዊ ማሕበረሰብን ነቶም ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኤርትራ ዝርከቡ ሱዳናውያን ንምፍታሕ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ልዕሊቶም ኣብ ኤርትራ መደበር ሰራዊት ዘለዎም ተቓወምቲ ውድባት ሱዳንን ጸቕጥታት ክገብሩ ጸዊዖም።

ኸሊል ኣልዜን እተባህለ መራሒ ናይቶም ናብ ሃገሮም እተመልሱ ሱዳናውያን፣ ኣብ ወተሃደራዊ መደበራት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ዝርከቡ ን፤ ብዓሰርተታት ዝቍጸሩ ሱዳናውያን ኣብ ቤት ፍርዲ ከይቀረቡ ሕማቕ ናብራ የሕልፉ ከምዘለዉ ኣብሪሁ። ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ፣ ኣብ መንጎ ዶባት ክልቲኡ ሃገራት ዝርከባ ወተሃደራዊ ንቕጣታት ናይ መንግስቲ ሱዳን፣ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ናብ ሃገሮም ዝምለሱ ሱዳናውያንን፤ ከምኡ ውን፣ ካብ ሰራዊት ኤርትራ ዘምለጡ ዝተፈላለየ መዓርግ ዘለዎም ኤርትራውያን ወተሃደራትን ይቕበላ ምህላወን ኢዩ።

## ሱዳን፣

**ዶክተር መይዙብ ኣልኸሊፋ**
**ምምሕያሽ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ምስ ምቕያር ጠባያት ስርዓት ኤርትራ ዝተኣሳሰር ኢዩ**

ዶክተር መይዙብ ኸሊፋ፣ ሚኒስተር ሕርሻ ሱዳን፣ ብዕለት 11.09.2005 ኣብ ኣዳራሽ ስውእ ዙበር መሓመድ ሳልሕ ኣብ ዝገበሮ ጋዜጣዊ ዋዕላ፣ "ኢሳያስ፣ ንኤርትራ መናሃርያ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ክትከውን ብምፍቃዱን፤ መስርሕ ሰላም ኣብ ሱዳን ኘኽዕወት ዝከኣለን ጻዕርታት ዝገብራ ዘለዋ ሃገራት ዞና ተፈልዩ ዓንቃፊ ግደ ይጻወት ብምህላውን ኣትሪሩ ነቒፉ ክትብል ኣልስሓፋ እተባህለ ጋዜጣ ሱዳን ኣብ ናይ ዕለት 12.09.2005 ሕታማ ገሊጻ።

ከምኡ ውን፣ ዶ.ር. መይዙብ ምምሕያሽ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ምስ ምቕያር ጠባያት ስርዓት ኤርትራ ዝተኣሳሰር ምዃኑ ኣነጺሩ።